# ኣብ ምንታይ'ዩ ሓይልና ?

## 2ይ ክፋል

ተስፉ ነጋሲ(ኣባሽ)




ኣብ ቀዳማይ ክፋል ጽሑፈይ፡ እዚ ብስም ፓይሎት ዝበርር ዘሎ ሓድሽ ሓሳዊ ዒላማ /Target/ ተልእኾኡ እንታይ'ዩ ብዝብል ሕቶ ተፋንየኩም ነይረ። ካብ ዝነበብዋ ብዙሓት ፈለጥተይ ተረሲያም ዝበልዎም ኣስማት ሓሰውቲ ይኹን ብምንጽጻር እገለ ጠቂስካ እገለ ከመይ ጌርካ ትገድፎ ኢሎምኒ። ኣተባባዒ ርእይቶታት'ውን ተቀቢለ። ስለቲ ተገዳስነቶም ከኣ ኣመስግኖም። ርእይትኦም'ውን ኣኽብሮ። ከምኣብነት ዘቕረብክዎም ሓሰውቲ፡ ንእግረመንገደይ ዘልዓልክዎም እምበር፡ ዝርዝር ኣስማት ጸንቂቐ ከቕርብን ደረጃታት ከውጽኣሎምን ዕላማ ኣርእስተይ ኣይነበረን። ከምኡ እንተዝኸውን ብጆርጅ ቡሽ /ጽውጽዋይ ኣጽነቲ ኣጽዋር ዒራቕ/ ጀሚረ ብበዓል መሓሪ፣ ነጋሲ፣ ፍቅረ፣ ፓይሎትን ካልኦትን ክዛዝሞ ዊኪፔድያ ሓሰውቲ ምድላው ምኾነ ነይሩ።

ናብ'ታ ዝተፈላለናላ ክምለስ......

<u>ዒላማ/target/ ፓይሎትን ጽዋታቱን</u>

ብቀሊል ኣገላልጻ ናይዚ ሓድሽ ብሉይ ዒላማ፡ ብተኸታተልቲ መግዛእታዊ ሜላታት ተፈቲኑ ዝበነነ፡ **<u>መንፈስን ስምረትን ህዝቢ ኤርትራ'ዩ።</u>**

ኣስተውዕሉ!

ናጽነትና ብቅልጽምና ዘምጻእናያ ንዝበሉ ኣቦታት ኣየምጻእኩማን፡ ወያነ'ዩ ሂቡኩም

ሓደ ህዝቢ ሓደ ልቢ ኢለን ንዝጨርሓ ኣዴታት ኣይኮነን፡ እስላምን ክርስትያንን፡ ኣውራጃ እከላን ኣውራጃ እከላን ፍልልይ ዘለኩም ህዝብታት ኢኹም፡

ሻዕብያ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣኽቲቱ ናጽነት ዘግሃደን ዝዓቀበን ውድብ'ዩ እንተበሉ ኣያታትና፡ ኣይፋሉን ናይ ትግርኛ ውድብ'ዩ፡

መንእሰያትና ፕረዚደንትና ነኽብሮን ንፈትዎን ኢና እንተበሉ ፡ ውልቀ መላኺ'ዩ፡ ካንሰር ሓሚሙ ሞይቱ ... ወዘተ ዝብል ተጻይ መልሲ ዝወሃበሉ ምኽንያት ሓደ'ዩ።**<u>ኩርዓት፡ ሓበን ወነ ኤርትራዊ ምስባር</u>**።

ህዝቢ ኤርትራ በዘን ክብ ኢለ ዝዘርዘርክወን ነጥብታት ይሕበን ጥራይ ዘይኮነ ይንየት'ውን እዩ። ዘየነይታ ከኣ ኣይኮናን። ኣረ ርእሲ ከተማና ጽርይቲ፡ ገማግም ባሕርና ንጹህ፡ ዓሳና ምቁር፡ ፓስታ ስፓጌቲ ጠዊና ንኽእል ኢልና እንተወስኽናሉ'ኸ እንታይ ከብዶም ቀረጾም? እቶም ዝቕረጹ ማለተይ'ዩ። ንሕና ኣብ ልዕሊ ከምዚ ናትና ትዕድልቲ ዘይብሎም ኣህዛብ

ንዕቀት የብልናን። ዓለም ተመላሊእካ ከም እትንበር ንፈልጥ ኢና። እሞ ፓይሎት ድኣ እንታይ'ዩ ዝብለና ዘሎ?

እዚ ከም ደቂ ሕድርትና ተኸዊሉ ዝዛረብ ዘሎ ሰብ ብድሕሪኡ ካድራት ወያነ ከምዘለዉ ጥርጥር የብለይን ኢለኩም ነይር። ቐንዲ ወኪል ይኹን ካልኣይ-ኢድ ግን ቀስ ኢልና ክንበጽሖ ኢና። ብድሕሪኡ ካድራት ወያነ ኣለዉ ዝበልኩሉ ምኽንያት ካብ ክልሰ-ሓሳብ ውዲት /conspiracy theory/ ዘይኮነ-

- መለስ ዜናዊ ኣብ ሰነ 1998 ምስ ፖል ሄንዝ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት
- ኣባይ ጸሃየ ኣብ ሰነ 1998 ምስ ድምጺ ወያነ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት
- ስብሓት ነጋ ኣብ 2000 ምስ ኣልጀዚራ ዝገበሮ ቃለ-መሕትትን
- ወላይ ገረህላሰ ኣብ 2007 ጋህዲ ዝብል መጽሓፍ ሕልምን ብዛዕባ ህዝቢ ኤርትራ ዝበልዎን እዚ ሕጂ ብበዓል ፓይሎትን መሰልቱን ዝብሃል ዘሎን ፍልልይ ስለዘይብሉ ተመሊስና ጥራይ ንንበቦ።

ህዝቢ ኤርትራ ስልጡን ህዝቢ ኣይኮንካን፡ ኣይትኹራዕ!
ህዝቢ ኤርትራ ሓድነት የብልካን፡ ኣይትተሓበን!
ታሪኽ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ረሳሕ'ዩ፡ ኣይትነየተሉ!
ሻዕብያ ገበነኛ ውድብ'ዩ፡ ኣይትመክሓሉ! እዮም ዝብሉና። መንቀሊኡ ሓልኪ ርእሰ-ምትሓት ኮይኑ ፓይሎት ከኣ ነዚ'ዩ ዝደግም ዘሎ ።
ወያነ ብኣካል ገጢማ' ስለዘይሰለጣ፡ ኤርትራዊ መንፈስ ክትስዕር ሒኹ ክትብል'ያ፡ ትማሊ ኣይሰመረን ሎሚ"ውን ዝሰምር ኣይኮነን። ምፍታና ኣየገርምን'ዩ፡ የግዳስ እቶም ትዕድንም ዘላ ኣቕሑት/ፓይሎትን መሰልቱን/ ካልኢት ዘይጸንሑ ምዃኖም'ዩ።
ፓይሎት ዋሕዝን ስጥመትን ሓሳባቱ'ሞ ይጽናሓልና፡ ሓደ ቅኑዕ ሙሉእ ሓሳብ'ኳ ከውጽእ ዘይክእል፡ ብክተፍኦ ዘምሲ ፍንጡሕ ቃላትን ዘይእርኑብ ቛንቛን መን ክዕሾ ይኽእል? ብዛዕባ ደቀ-ኣንስትዩ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ዝበሎ ነውራም ዘረባ፡ 30% ካብቲ ውድብ ደቀ-ኣንስትዮ ምንባረን ይፈልጥ ድዩ?
ኣብ ሻዓብያ ምስጢራዊ ሰልፊ ምንባሩ ሓቢሩና፡ ስሙ'ውን ከጽንዖ ዘይከኣለ ሰልፊ ብ1994 ህዝባዊ ግንባር ብወግዒ ኣብ 3ይ ጉባኤ ምግላጹ ይፈልጥ ድዩ?
ደቂ ሓደ ከባቢ ኢሉ ዝገመቶም ጀጋኑ ተጋደልቲ ዘርዚሩ፡ ሻዕብያ "ቀንጺላቶም" ኢሉና ዝበለየ ግጡም ሽጣራ ምዃኑ ይፈልጥ'ዶ?

በቲ ኣዘራርባኡ፡ ዓርኪ ተመሃራይ'ውን ዝወድአ ኣይመስልን'ዩ። በቲ ዝበሎ 8ይ ክፍሊ እንተወሰድናዮኽ፡ ኣብ ህዝባዊ ግንባር "ምሁር" ይብሉኒ ኔርም ዝብለናስ፡ ካብ ቀዳማይ ዲግሪ ክሳብ PhD መዓርግ ዘለዎም ኣሽሓት ኤርትራውያን ይጋደሉ ከምዝነበሩ ይፈልጥ ድዩ? ፓይሎት ምስ ምሁራት ዝጽብጸብሲ እቲ ጽዋ ብዛዕባ ኤርትራ ድዩ ዋላስ ካልእ ሃገር?

ፕረዚደንት ኢሰይያስ ከም ዝሞተ FAX ካብ ኣስመራ መጺኡኒ ኢሉ፡ ከም እሙን ምንጪ ከኣ ተጠቒሱ (ኣብ እንዳ ሽዲዳ)። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዘይመውት ሓሳብ/Idea/ ምዃኑ ይፈልጥ'ዶ? ካልእ ሃለውለዉ መውዳእታ የብሉን።

<u>ካብ "ማዕዳታት" ፓይሎት</u>

ኣስተውዕል! ኣስተውዕል! ዝብላ ቃላት ካብ ዘየስትውዕል ሰብ ክትሰምዐን ከሎኻ ምስ እዝንኻ ኢኻ ትጣራጠር። ፓይሎት ደጋጊሙ ኣስተውዕሉ! ይብል፡ ንምንታይ? ብፍላይ መንእሰያት ይውስኽላ'ሎ ስለምንታይ? ኣስተዊዕልካ ተገደፍካስ ለባማት ወሲዱና ኣይኮነን ዝእምተልና ኔሩ፡ ዓያሱ ስለዝገመተና ጥራይ'ዩ ደርጕሑልና። ''መንእሰያት በብሓሙሽተ ተወደቡ፡ ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ተለዓሉ፡ ኣብ ወጻኢ ዘለኹም ንደገፍቲ ህግደፍ በልዎም! ኤምባስታት ኤርትራ ኣቃጽልዎ...'' ወዘተ ዓጀብ "ምዕዶ"! ብጥረኡ!! ካብ ቱኒዝያ፡ ሊብያ ተለቂሖም ድዮም ነጊሮሞ? እምበር ሓሻኻ ፓይሎት'ኳ ኣበይ ኢልዎ።
እዚ ሓሰር-ንፋይ ዘረባታት ፓይሎት ክሳብ ሕጂ ብቛንቋታት ኣምሓርኛ፡ እንግሊዝኛ፡ ሽወደን ተጻሒፉ ርእየ ኣለኹ ዕላምኡ ርዱእ'ዩ። ሓሶት ብዝኾነ ቋንቋ ይጽሓፍ ሓሶት ምኻኑ ኣይተርፎን'ዩ። ኣብዚ ቅንያት'ዚ ቅናት ኣደይ-ማርያም ዝሕብርታቱ ካብ ሓንቲ ገዛ ብበበይኑ መሳኹቲ ዝወጽእ ዘሎ ሓሶታት፡ ለቓቂብካ ኲናት ኣብ ኣእምሮና ተሓሲቡ እንተኾይኑ፡ ብስም ፓይሎት እንተበረረ፡ ብስም ሲማን እንተሓንበሰ፡ ደቂ ኤርትርያ ዓደይ! ሓይልና ኣብ መንፈስና ስለዝኾነ ምስ ዕላል ተስፋ ከም ቀደምና።




ይቕጽል......